# ሐ/ ባህልን ማኅበራዊ ንብራን

## 1. ባህሊ ኢሮብ

ባህሊ - ናይ ሓደ ሃገር ሕዝቢ ወይ ሕብረተሰብ፡ ናይ ሃገሩን ጠባዩን፡ ናይ ሥርዓቱን ኣነባብራኡን፡ ናይ ሥራሑን ኣምልኾኡን፡ ናይ ስነ-ቁጠባኡን ፖለቲካኡን መግለጺ ወይ ነፀብራቕ ኢዩ። ባህሊ ናይ ሰብ ብርታዔ ኮነ ድኻምነት፡ ሕያውነት ኮነ ክፍኣት፡ ትግሃት ኮነ ስንፍና፡ ሓቂ ኮነ ሓሶት፡ ቁምነገሩ ኮነ ከንቱነቱ፡ ቅንዕናኡ ኮነ ተንኰሉ ዝምዘነሉ ሚዛን ኢዩ። ሕዝቢ ኢሮብ ከስ በዓል-ቤት ናይ'ቱ መምዘኒኡን መፍለጢኡን ዝኾነ ባህሊ ኢዩ።

ይኹን ድኣ እምበር፡ ማንም ሕብረተሰብ ንበይኑ ተዓጺዩ ዘይተርፍ፣ ምስ ከባቢኡን ወጻኢኡን ዝራኸብን፡ ከማኡ'ውን ሓደሓደ ባህልታት ዝለዋወጥን ብምኳኑ፡ ሎሚ ባህሊ ኢሮብ ምሉእ ብምሉእ ብሕታዊ ኢዩ ክበሃል ኣይከኣልን። ምሉእ ብምሉእ ቅዳሕ ወይ ከዓ ዝተወርሰ ኢዩ ክበሃል'ውን ኣይከኣልን። ስለ'ዙይ ይብዛሕ ይውሓድ፡ እንካብ ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ሕብረተ ሰባት ማለት እንካብ ናይ ቀደም መሠረቱ ዝኾኑ ተጋሩ ከማኡ'ውን እንካብ ሓዞ ዝወሰዶም ባህላዊ ልማዳት እውን ኣለውዎ ኢዮም።

ሕብረተሰብ ኢሮብ ብምልኡ ብቐደሙ ናይ ክርስትና ሃይማኖት ተኸታሊ ኰይኑ ዝጸንሐ እንክኾን፡ ብፍላይ ኣብ ማእኸላይ ክፍሊ ናይ'ዙ "ዓዲ ኢሮብ" ተብሂሉ ዝፍለጥ ከባቢ ዝነብር ሕዝቢ ብናይ ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ልኡኻነ ወንጌል (ላዛሪስት) ዝተምሃሮ ናይ ካቶሊክ ሃይማኖት ዝኸተል ኢዩ። ብደቡባውን ሰሜናውን ምዕራባውን ክፍልታት ዝርከብ ሕዝቢ ግን ዝዓበየ ኢድ ናይ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ሃይማኖት ተኸታሊ እንክኸውን ናይ ካቶሊክ እምነት ተኸተልቲ እውን ይርከብዎ። ከም ኣብ እኒ ዓሊተናን ሓላሊስን[36] ቅድም ብእምነት ኦርቶዶክስ ሃይማኖት ዝጸንሓን ሀዚ ብሥርዓት ካቶሊካዊ ሃይማኖት ይካየዳ ዘለዋን፣ ከማኡ'ውን ከምእኒ ኣብ ሐ.ዶን፡ ኣብ ጉንደጉንደን ብኦርቶዶክስ ሃይማኖት ጸኒሐን ሎሚ'ውን ብእኡ ዝቕጽላ ዘለዋ ናይ ጥንቲ ኣብያተ ክርስቲያናት፡ ሕብረተሰብ ኢሮብ እንካብ ቀደም ኣትኒዙ ናይ ክርስትና እምነት ተኸታሊ ከምዝነበረ ታሪካዊ መረዳእታታት ኢየን። ከማኡ'ውን ኣብ ዓይጋ፡ "በክስታን" ወይ ከዓ "ማሓሪ እድ የለየ ዳጋ"[37] ኣብ ዝበሃል ቦታ ቅድሚ ሠመ ነይሩ ዝበሃል ዙስሙ "፩ቱ እንስሳ" ዝኾነ ሎሚ'ውን ክይተረፈ ብ፷ት ሓምለ ብደቂ ዓዲ ንክብሪ እዙ ታቦት ካብ ሥራሕ ኣዕሪፎም ዝወዓለሉ ናይ ኦርቶዶክስ ቤተክርስቲያን ነበረ። "በክስታን" ዝብል ናይቱ ቦታ ስም፡ ምናልባት "በተክሲያን" "ቤት-ኪስታን" "በትኪስታን" ወዘተ. እናበለ "ቤተክርስቲያን" ካብ ዝብል ኣብ ምድብላቕ ቋንቋን ንውሓት ጊዜን፡ "በክስታን" ናብ ዝብል ዝተለወጠ ክኾን ይከኣል። ብዝኾነ ቅድሚ ሠመ እውን እንተኾነ ኣብዙ ዓዲ ሃይማኖት ክርስትና ከምዝነበረ ዘረጋግጽ ኢዩ። ኣብ ጥቓኡ "ዛላ" ኣብ ዝበሃል ቦታ ዝርከብ ናይ ቀደም ናይ መቓብር ቦታ፡ ሠረትን ፍርስራስን ኩምራ-ኣእማንን ናይ ቀደም ገዛውቲ፡ ከማኡ'ውን ኣብ ውሽጢ መሬት ተቐቢሮም ዝተረኽቡ ቅርስታት፡ ኣብ ውሽጡ ናይ ብሩር ቀለቤት ሒላባትን ጢናታትን ዝኃዙ ኣቕሑ መሬት፡ እቶም ቅድሚ ኢሮብ ዝነበሩ ዓሌት ኣብ ከባቢ እዙ ቤተክርስቲያን ሠፊሮም ከምዝነበሩ ዘመልክቱ ኢዮም። ኣረገውቲ እዙ ዓዲ ከዓ ንቱ ቤተክርስቲያን እንተዘየርከብናኒ'ኳ፡ ማይ እንክስኣን ኣብዙ ቦታ ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ መሥዋዕቲ ፃዕዳ ጤል ወይ ፃዕዳ ላሕሚ እንክሕረደሉ ኣርኪብና እናበሉ ይትርኹ። ድኃር ኣብ ዓይጋ ናይ ካቶሊክ ቤተክርስቲያን ምስ ተሠርሐ፡ ኣብቱ ቦታ (ዑና) ይሕሎ ዝነበረ ታቦት ናብ ናይ ካቶሊክ ቤተክርስቲያን ክሓልፈሎም ጠይቖም ናይ ሔሮ(ዶ) "ቅዱስ ጊዮርጊስ"፣ ናይ ጉንደጉንደ ከዓ "ኣስተርእዮ ማርያም" ቤተ ክርስቲያናት ኢዮም።

[36] ኣብ ዓሊተና "እንዳ ማርያም" ቤተክርስቲያን ነበረ። ኣብ ሓላሊስ ከዓ ክሳዕ ሎሚ "ኪዳነ-ምሕረት" እናተብሃለ ዝዝከር ኣውዓላን ዓጕዓሊን ዝሠርሕዎ ቤተ ክርስቲያን ከምዝነበሮ ዘመልክት ፍርስራስ መንደቕ ይርከቦ። (ገሊኦም፡ ናይ ሠመ ቤተክርስቲያን - "ሠመ'ሞሶዓረ" - ዝብሉ'ውን ኣይሰኣኑን)። ኣብዙ ቦታ ሎሚ ብሰንኪ ወራር መንግሥቲ ሻዕቢያ እንክይተፈጸመ ጠጠው ቢሉ ዘርከብ ካቶሊክ ቤተክርስቲያን ተሠሪሑዎ ኣሎ።

[37] "ማሓሪ እድ የለየ ዳጋ" ማለት ትርጕሙ "ሠራዊት እተሠወረሉ ክሳድ" እንክኾን፡ ኣብቱ ዓዲ ከምዝዝንቶ፡ ኣብዙ ክሳድ መምጽኢኦም ዘይተፈልጡ ብዙኃት ወተሃደር ብማዕዶ ተርኢዮም፡ ደቂ ዓዲ "ርዳእየ" ኢሎም ንቱ ቦታ ምስ ኣኸበቡ ሰኣኑዎም። ብጥብቂ ምስ ፈተሹ ግን ውሽጣ ውሽጢ ዝወስድ ጕድጓድ ከምዝረኸቡን፡ መብራህቲ ገይሮም እተወሰነ ርሕቀት ምስ ሰዓቡዎም እቱ መብራህቲ ጠፊኡዎም ንድኅሪት ከምዝተመልሱን ይዝንቶ። እዙ ጕድጓድ ኣብ ማእኸል ፈሪሱ'ምበር ምስ መጠራ ወይ ኣክሱም ዘራክብ መንገዲ ኢዩ ዝነበረ ኢሎም ይሓስቡ። ክሳዕ ጊዜና ብሕይወት ዝነበሩ'ውን በዓልትና ኣቲናዮ መብራህቲ ምስ ጠፍኣና ፈሪሕና ተመሊስና ዝብሉ ኣለዉ።